# ዕላል ምስ ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ድራር



**ኤፍረም ሃብተጽዮን**

ሰሎሞን ድራር፡ “ኤርትራውያን ዕላል ምስ ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ድራር ኮማንዶ”፡ “መኸተ”፡ “ዕጫ ሓንቲ ስድራ” ዝብላ መጻሕፍቲ ዝደረሰ ከምኡ’ውን ዝተፈላለያ ተኸታተልቲ ፊልምታት፡ ግጥሚታት ደርፊን ካልእ ግጥምታትን ዝደረሰን ዓንቀጻት ዝጸሓፈን፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና ምቕሉል ኣበርክቶ ዝገበረ ሞያዊ እዩ። ሰሎሞን፡ ነዚ ኣብ ገድሊ ዝጀመሮ ስነጽሑፍ፡ ድሕሪ ናጽነት ብዝለዓለ ደረጃ’ዩ ቀጺሉዎ። ኣብዚ ንነዊሕ ዓመታት ዝሰርሓሉ ዓውዲ ኣመልኪትና ምስኡ ዘካየድናዮ ዕላል ይስዕብ። ሰናይ ንባብ።

**ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣባል ኮሚተ ነይርካ፡ ብኣኡ ክንጅምር። ተራ ፈስቲቫል ኣብ ምዕቃብ ባህልን ምምዕባል ስነ-ጥበብን ከመይ ትርእዮ?**

ክልተ ግን ከኣ ኣብ ንሓድሕዱ ምትእስሳር ዘለዎ ሕቶታት’ዩ ተላዒሉ ዘሎ። ተራ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ምዕቃብ ባህልን ምምዕባል ስነ-ጥበብን ተደሚሩ ንሓደ ዕላማ’ዩ ዘገልግል። ንሱ ድማ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ ምምዕባል እዩ። ከመይሲ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ መሰረት ምዕቡል ቍጠባን ስልጡን ፖለቲካዊ ስርዓትን ስለዝኾነ። ባህሉ ከየማዕበል ዝሰልጠነ ሕብረተሰብ የለን። ተራ ፈስቲቫል ኣብ ምዕቃብ ባህሊ ቀድሚ ምልዓልና፡ ‘ምዕቃብ’ ክበሃል እንከሎ መስርሕ ምንጻግን ምርዓምን ምኳኑ ምርኣዩ የድሊ። ሕብረተሰባት ኣብ ምምዕባል እዮም ዝነብሩ። ኣብ ምምዕባል ክህልዉ እንከለዉ ኸኣ ነቲ ጸጽቡቑ እናረዓምዎ፡ ነቲ ክንጸግ ዘለዎ ኸኣ እናነጸግዎ ይኸዱ። ሕብረተሰብና ብናይ ገጠርን ከተማን ኣቃውማኡ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ነናቱ ሕጽረታት ወይ

ንድሕሪት ዝጐቱ መዳያት ባህሊ ኣለዉዎ ወይ ነይሮሞ። ገሊኦም ኣብ መስርሕ እናተረፉ ይኸዱ፡ ገሊኦም ከኣ ክተርፉ ዘለዎም ክነሶም ግዜ ወሲዱዎም ዝቕጽሉ ዘለዉ እዮም። ምዕቃብ ክበሃል እንከሎ እምበኣር ንኹሉ ከም ዘለዎ ንዕቅቦ ማለት ኣይኮነን። ሳልሳይ፡ ካብ ደገ እትልቀሖ'ውን ኣሎ። እዚ እቲ ኣህጉራዊ ባህሊ እንብሎ እዩ። እዚ'ውን ኣብ መስርሕ ምንጻግን ምርዓምን ዝኣተወ'ዩ። ናይ ደገ ስለ ዝኾነ ጥራይ ከም ቅቡል እትወስዶ ኣይኮነን። ዘድልየካ መሚኻ ክትወስድ ክትክእል ኣለካ። እቲ ናይ ምንጻግን ምርዓምን ቃልሲ ብብዙሕ መንገዲ'ዩ ዝካየድ። ምውዳብ ፌስቲቫል ከኣ ሓደ ካብኡ'ዩ። ንህዝቢ ከተንቅሕ ብዝተፈላለዩ ኣካላትን ኣገባብን ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ኣሎ። ምውዳብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ከኣ ሓደ ኣገዳሲ ኣካል ናይዚ ናይ ምንቃሕ መስርሕ እዩ። ፌስቲቫል፡ ጸጋታት ሃገር ናብ ሓደ ቅርዓት እና'ምጻእካ፡ ንምርኢት እናቐረብካ፡ ዝምልከቶም እናኣሳተፍካ ዝግበር ዕምቈትን ስፍሓትን ዘለዎ መድረኽ እዩ። በዚ መሰረት፡ ፌስቲቫል ኤርትራ ናይ ትሽዓቲኦን ብሄራት ኤርትራ ቅርዓት ትኸውን ኣላ ማለት'ዩ። ኩለን ኣብ ሓደ ቅርዓት ስለ እተምጽኦን ድማ፡ ሰብ ብቐሊሉ ክፈልየንን ክፈልጠንን ዓቢ ዕድል ኣለዎ።

## ስነ-ጥበብ እንታይ እዩ?

ስነ-ጥበብ ዝበሃል ብምሉኡ'ቲ ንባህልታት ሓደ ሕብረተሰብን ባህርን ብመሳጥን ረቒቕን ኣገባብ ጸሚቑ ዘቕርብ መርኣያታት ወይ መግለጺታት ናይ ባህሊ እዩ። ንባህልን ሓፈሻዊ ኣመለኻኽታ ኣብቲ ሕብረተሰብን ከኣ ይገልጽ። ሰብ ብዛዕባ ነብሱን ኣከባቢኡን ዝሓስቦን ዝርድኦን፡ ብዛዕባ ምስ ከምኡ ሰባት ዘለዎ ርክባትን ምስ ተፈጥሮ ዘለዎ ምትእስሳርን፡ ባህርያቱ፡ ተግባራቱን ድሌታቱን፡ ብኣጠቓላሊ ኹሉ ሰብኣዊ ተመክሮኡ ብፈጠራኣውን ጽባቐኣውን መንገዲታት ኣንጸባሪቑ እናኣዘናግዐ መልእኽቲ ዘመሓላልፈሉ ጥበብ እዩ። ብዓውዲታት ክንፈላልዮ ከለና ኹሉ ስነጽሑፍ፡ ትያትር ወይ ድራማ፡ ፊልም፡ ሙዚቃ፡ ትርኢታዊ ጥበብ ይሓቍፍ። እዚ ዓውዲታት'ዚ ድማ ነናቱ ሰብ ሞያ ኣለውዎ። ንኣብነት፡ ስነ-ጽሑፍ እንተ ደኣ ኢልና፡ ንቛንቋ ከም መሳርሒ ተጠቒሙ ብኣፍ ይኹን ብጽሑፍ ዝቐርብ ምህዞኣዊ ኣገላልጻ ህይወት እዩ። ጽውጽዋይ፡ ግጥሚ፡ ልቢ-ወለድ፡ ሓቀኛ ዛንታ፡ ንድራማን ፊልምን ዝኸውን ጽሑፍ ወዘተ. ኹሉ ጀንዳታቱ እዮም። ኣብ ምቕራብ ናይዚ ፈጠራዊ ስራሕ'ዚ ዝሳተፉ ኹሉ ስነጥበበኛታት ይበሃሉ። ስነ-ጥበበኛታት ናይ ሓባር መጸውዒ ስለዝኾነ፡ ደረስቲ፡ ገጠምቲ፡ ማሰኛታት፡ ጨፈርቲ፡ . . . ኢልካ ድማ በበዓውዱ ትፈልዮም።

**ናብ ፌስቲቫል ክንምለስ?**

ምርኢት ፌስቲቫል ብሓፈሻ፡ ትሕዝቶ ካብ ኩሉ ኵርናዓት ሃገር ተጓሒጒሑ መጺኡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ምስ ተቐረበ፡ ነቲ ስነጥበበኛ ዓቢ መኣዲ ትሕዝቶ እዩ። ስለዚ፡ ደረስቲ፡ ገጠምቲ፡ ጨፈርቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ተላሃይቲ፡ ዘመርቲ፡ ሰኣልቲ፡ ዳይሬክተራት፡ ኣፍረይቲ፡ ኲታ ኩሉ'ቲ ኣብ ስነ-ጥበብ ዝነጥፍ ሰብ ናብዚ ፌስቲቫል ክውሕዝ ኣለዎ። ፌስቲቫል ናይ ነጋድያን እዩ ክበሃል እንከሎ፡ ንምርኢት ጥራይ ዝኸየድ ግን ኣይኰነን። ንምርምር፡ ንመጽናዕቲ፡ ንመበገሲ ሓሳብ፡ ንሌላ ኢልካ'ዩ ዝኸየድ። ብሸነኽ ሙዚቀኛታት እንተ ርኢና ኸኣ ደረፍቲ፡ ደረስቲ ዜማ፡ ተላሃይቲ፡ ሙዚቀኛታት፡ . . . ኩሎም እዚኣቶም ናብኡ ክውሕዙ ኣለዎም። ቀባእቲ፡ ቀረጽቲ'ውን ብተመሳሳሊ ናብቲ ቅርዓት ክውሕዙ ኣለዎም። መጽናዕትን ምርምርን ብምኽያድ ካብዚ ብዝርከብ ሓበሬታ፡ ካብኡ ተበጊስካ ብዝምዕብል ንጥፈታት ከኣ እቲ ስነ-ጥበብ ክዓቢ ይኽእል። ኣገዳስነት ፌስቲቫል ነቶም ዝነግዱ ጥራይ ዘይኰነ ኣብ ስነ-ጥበብ ንዝሳተፉ ሰብ ሞያ'ውን ዓቢ ዕድል'ዩ። ካብ ብዙሕ፡ ባጀት ኣይረኸብናን እምበር ከምዚ ምገበርና ወይ ናብ ከምዚ ኬድና መጽናዕና' ዝብል ማሕለኻ ዘገላግል ኣዝዩ ኣገዳሲ፡ ክድፍኣሉ ዘለዎ ንጥፈት'ዩ። እንተ ተኻኢሉ'ውን፡ ከምቲ ኮምሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ መዛዘሚ ፌስቲቫል ኤርትራ 2023 ዝበሎ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ ዝኸውን ናብ ክልተ ወይ ሰለስተ ክሰግር ጽቡቕ ርእይቶ ኰይኑ ይስምዓኒ።

***ፌስቲቫል ብኹሎም ስነ-ጥበበኛታት ብሓፈሻ ክብጻሕ ዘለዎ ኣገዳሲ ቅርዓት ምዃኑ ገሊጽካ። እንተኾነ፡ ስነ-ጥበበኛታትና ብኸምዚ ናይ ምርምርን መጽናዕትን መንፈስ ይጥቀምሉ የለዉን ዝብል ርእይቶ ኣሎ።ከመይ ትርእዮ?***

ነዚ ትዕዝብቲ እዚ እሰማምዓሉ እየ። ከም ህዝብኻ ኬድካ በቲ ኤግዚቢሽን ርኢኻ፡ ተዘናጊዕካ ምምላስ ይርአ ወይ ይሸፈን ኣሎ። ከምቲ ዝድለ ሞያዊ ወፍሪ ኣይተዓዘብኩን። ናብቲ ዝካየድ ኣፋዊ ያታ፡ ትልሂት፡ መኣድታት ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ መጺኦም ብዕምቈት ዝዕዘቡ ውሱናትን ውሑዳትን እዮም። እዚ ግን ናይ ውሱናት ክኸውን የብሉን። ኣብኡ'ዩ ዘሎ እቲ ሃብቲ። ንብዙሕ ነገር ከበግሰካ ዝኽእል'ዩ ዝቐረብ ኣብ ፌስቲቫል። ጸጽቡቑ እናዓቀብናዮ እንዲና ንኸይድ ዘለና። እዚ ዝዕቀብ ዘሎ ግን ተራእዩ ንኽሓልፍ ወይ ተሰኒዱ ንኽተርፍ ኣይኰነን፡ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕል'ዩ። ኣብ ኣገልግሎት ከተውዕሎ እንተ ኾይንካ ኸኣ ኣብኡ ኮፍ ኢልካ ክትዕዘብ፡ ከተስተማቕር፡ ክትሓትት፡ ክትላለ ዝሕግዝ ኣዝዩ ዓቢ ቅርዓት እዩ። እዚ ኹይኑ ግን ስነጥበበኛታት ክረብሑሉ ብዘይምርኣየይ ዓቢ ሃጓፍ ተዓዚበ ኣነ'ውን። ኣብ

ስነ-ጥበበኛታት ብዙሕ ግዜ እትልዓል ባጀት እያ። ሓቒ'ያ ድማ። ካብዚ ናብ ጋሽባርካ ኬድካ መጽናዕቲ ከተካይድ ብዙሕ ወጻኢታት ይሓትት፡ እዚ ወጻኢታት ብመንጽር እትረኽቦ ምስ ዝርአ ከቢድ'ዩ። ከምዚ ካብ ኰነ፡ መንግስቲ ባዕሉ ኣብ ሓደ ቅርዓት ይቐርበልካ ካብ ሃለወ፡ ስለምንታይ ዘይትጥቀመሉ? ስለምንታይከ ከም ዓቢ ጸጋ ዘይትርእዮ?' እያ እታ ጉዳይ'ሞ ኣብኡ ሃንፋት ኣሎና፡ ካብ ነብሰይ ጀሚርካ ማለት'ዩ።



**ተራን ጽልዋን ኣፋዊ ያታ፡ ያታዊ ትልሂት፡ ልምዲታት፡ ወግዒታት፡ ኣነባብራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ዘመናዊ ስነ-ጥበብ ከመይ ትገልጾ?**

ኣዝዩ ልዑል እዩ። ሓንቲ ስራሕ ብዘመናዊ መልክዕ ከተቕርባን ኣብ ያታ ተመርኲስካ፡ መጽናዕቲ ኣካይድካ ከተቕርባን ዘሎ ተቐባልነት ኣብቲ ህዝቢ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ናይቲ ኣብ ያታ ተመርኲስካ ዝግበር ይልዕል። ስለምንታይ? ነቲ ሕብረተሰብ ብናቱ መንነት ትገልጾ ስለ ዘለኻ። ስነ-ጥበብሲ ምግላጽ'ዩ። ነቲ ባህሉ ብስነ-ጥበባዊ መንገዲ፡ ጥበብ ብዝመልኡ፡ ኣዘናጋዕን ኣዛናዩን ኣገባብ ተቓሚሙ ክቐርበሉ እንከሎ፡ እቲ ህዝቢ ዝያዳ ይቕበሎ። ስነ-ጥበብ ስሓቢ ዝገብሮ ብኣዘናጋዒ መንገዲ መልእኽቲ ናይ ምትሕልላፍ ባህሪ ስለ ዘለዎ'ዩ። ንሓደ ስራሕ፡ ኣብ ያታ ተመርኲስካ ጥበብ ብዘለዎ መንገዲ ከተቕርቦ እንከለኻ ዝያዳ ሓይሊ ይህልዎ። ነቶም ስነ-ጥበበኛታት ንባዕሎም'ውን ካብ ህዝቢ ኣድናቖት ዝፈጥረሎም እዩ። ግን ብዕምቈትን ደቂቕ መጽናዕትን ምስ ዝቐርብ'ዩ። ያታዊ ሰረት፡ ከም ናይ ቀደም ተወሲዱ ሽለል ዝበሃል ኣይኰነን። ብግቡእ ክጽናዕን ክፍለጥን ኣለዎ። ናይ ቀደም ከይሓዝካ ናብ ሎሚ ክትመጽእ ኣይትኽእልን። ናይ ቀደም ከየኽበርካ ኸኣ ሕጂ ኣይትኽብርን ኢኻ። ስለ'ዚ፡ እቲ ናይ ቀደም ብመልክዕ ምስላ፡ ጨፈራ፡ ጽውጽዋይ፡ ወዘ . . . ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ኸኣ ካብዚ ሕጂ ባዕልና እንብሎ ብዓሰርተ ዕጽፊ ዝሓየለ እዩ። መልእኽቱ ጥራሕ ዘይኰነስ

ወላ'ቲ ኣበሃህላ ሓያል'ዩ። ኣብዚ'ዩ እቲ ዓሚቑ መጽናዕትን ምርምርን ዘድሊ። ነተን ብልጭ-ብልጭ ዝብል ወሲድካ ከተቕርቦ ኣይግባእን። ክብሪ ኣብቲ ናይ ያታዊ ሰረት እዩ ዘሎ። ሓደ ካብ ንዕብየት ስነ-ጥበብ ዝሕግዝ ምህላዉ ውድድራት ስነ-ጥበብ እዩ። ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ ብዙሕ ናይ ውድድር መድረኻት ኣሎ። ገሊኡ ይመጽእ ይኸይድ፡ ገሊኡ ይቕጽል። ተጀሚሩ ዝቋረጽ ከኣ ብዙሕ'ዩ።

## ተራ ውድድር ኣብ ዕብየት ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ከመይ ትርእዮ?

ኣብ'ዛ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል፡ ጠርናፊ ናይ ፌስቲቫል ጸብጻባት ነይረ። ነቲ ንጥፈታት ብዓይኒ ውድድር ንኸርእይዎ'ውን ደያኑ ኣዋፊርና ኢና። ብኸምኡ ኸኣ ተራእዩ። ደሓር ግን ኣብ ኣተሓሕዛ ለውጢ ዘይንገብር ዝብል ርእይቶ መጺኡ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዞባታት ብዘቕረባአ ትሕዝቶ ተገምጊመን ይሸለማን ደረጃ ይሕዛን ነይረን። ሎሚ እቲ ኣበሃህላ፡ 'ሰብሲ ንውድድር ጥራሕ ድዩ ዝሰርሕ?' ኣብ ፍሉይ መድረኽ ድዩኸ ክወዳደር ዘለዎ? ኩሉ ግዜ ኣብ ውድድር ክነብር ኣይግብኦን ድዩ?' እያ እታ ዝመጽኣት ኣመለኻኽታ። ህይወትና ኩሉ ግዜ ኣብ ውድድር እያ ዘላ። መብርሂ ክህበና እንከሎ ኮምሽነር፡ 'ካብ ገዛና ክንወጽእ ከለና ንውድድር ኢና ንቕረብ' ኢሉ ነይሩ። ኣብ ከባቢኻ ጸቢቕካ ክትርአ ምድላይ ናይ ውድድር ተግባር'ዩ። በዚ ሓሳብ ድማ'ዩ ሎሚ ዓመት ተፈቲኑ። ሓለፍቲ ባህልን ስፖርትን ዞባታት ተጸዊዖም መብርሂ ተዋሂብዎም። 'ስለምንታይ ኮፓ ንኽወስድ ጥራሕ ምውድዳር ይኸውን? ኣነ ብሉጽ ስራሕ ክሰርሕ'የ'ሞ ተዓዛቢ ኸኣ ምስክረይ፡' ኢልና ዘይንቕረብ ተባሂሉ። ነዚ ዝደገፍዎ ነይሮም፡ ዝተቓወምዎ'ውን ነይሮም። ንሕና ምስ ተነግረና፡ እንታይ ጸገም ኣለዎ'ሞ ዘይፍተን ኢልና። ገለ ዞባታት ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሓጺር ግዜ ዘቕረባአ ካብቲ ነዊሕ ምድላው ዝገብራሉ ዝነበራ ይበልጽ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ እቲ ብልጫ ኣብ ውሱናት ዞባታት ይሕጸር ነይሩ። እቲ ስክፍታ'ውን ካብዚ'ዩ ዝነቕል። ንሕና ሰባት ኣብ መስርሕ ኢና ክንስሓል፡ ክንምዕብል ዘሎና። ሰብ ከኣ ብባህሪኡ ኣነ ክስዕር በሃላይ እዩ። ክስዓር ኣይደልን'ዩ። ብልጫ ኸኣ ንውሱናት እዩ ዝወሃብ። ኩሉ ግዜ ድማ ምስ ኣካየድቲን ደያኑን ጸገማት ይፍጠር እዩ። ክፍጠር ከኣ ባህርያዊ'ዩ። ኣብ ውድድራት ኩሉ ግዜ ሓጐጽጐጽ ኣሎ። ካብዚ ሓጐጽጐጽ ከኣ ምርቓቕ ኣብ ዳንነት ማዕቢሉ። ቅድም ደያኑ ነነጥቦም ይህቡ ነይሮም። ብድሕሪኡ ናይ ኩላቶም ነጥቢ ተደሚሩን ተመቒሉን ገምጋም ነጥቢ ይፍለ ነይሩ። ደሓር ግን ካልእ ኣገባብ መጺኡ። ደያኑ ነነጥቦም ይህቡ'ሞ ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ዝሃቡዎ ነጥቢ ይካትዑ። ስለምንታይ ነዛ ዞባ እዚኣ ክንድዚ ነጥቢ ሂብካያ ዝብል ሕቶ

ኣልዒልካ ትካታዕ። ስለ'ዚ፡ 50 ሚእታዊ ደያኑ፡ 50 ሚእታዊ ከኣ ብኸትዕ ከም ዝኸውን ተገይሩ። ካልኣይ፡ ኣብቲ መጀመርያ ውጽኢት ኣብ መዛዘሚ ፈስቲቫል ገሊጽካ ይውዳእ ነይሩ። ደሓር ግን ኩለን ንውድድር ዝቐረባ ኣካላት ወከልተን ሰዲደን ዝርዝር ኣወህባ ነጥቢ ክንገረን ተጀሚሩ። ግሉጽነት መጺኡ ማለት'ዩ። ኣብ ክንዲ ናብዚ ናይ ግሉጽነትን ተጻዋርነትን እናኣበልና እንኸይድ፡ ገሊኦም ስዕረቶም ክቕበሉ ብዘይምኽኣል ናብ ዘየድሊ ስምዒት፡ ክሳዕ ምስ ደያኑ ናብ ጐነጽ ክኸዱ ይርአዩ። እዚ ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብ ዘጋጥም'ዩ። ብናይ ውልቀይ ርእይቶ፡ ውድድር ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ተጻዋርነት ግን ክንዓቢ ኣሎና። መረዳእታ ክንሓትት ደኣ'ምበር ቈለጭ-ቈለጭ በሃልቲ ክንከውን ኣይግባእን። ዝበዝሐ ክርክር ኣብቶም ድሕሪት ዝወጹ ዘይኮነ፡ ኣብቶም ቅድሚት ዝወጹ'ዩ ዝርአ። ብኸመይ ኩስቶ ቐዲሙኒ ዝብል ስምዒት ይለዓል። ውድድር ኣብ ስነ-ጥበብ ምሉእ ዓለም ኣገዳስነቱ ርእዩ ዝጥቀመሉ'ዩ። ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ እንድዩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብልጫ እንህብ። ሞያውያን ዝያዳ ንኸጽዕሩ፡ ንኸበርክቱ፡ ዝበለጸ ንኸሰርሑ፡ ዝያዳ ንኸመራመሩ፡ ፍሉይ ስራሕ ንኸሰርሑ እዩ ስነ-ጥበባዊ ውድድራት ዝካየድ። ውድድር ሃልዩ፡ ጽኑዕ ሕግታት ዳንነትን ዝሰልጠኑ ደያኑን ግን የድልዩ። ዝወሃብ ብይን ክትቅበል፡ እንተ ዘይዓጊብካ መረዳእታ ክትሓትት ደኣ'ምበር ኣንጻር ደያኑን ኮሚተን ክትልዓል ኣይግባእን። ኣብዚ እቲ ተጻዋርነት ከነጥርዮ ኣሎና። ምኹራት ደያኑ ክህልዉ ኣለዎም። ፈስቲቫል ናቱ ሕግታት ክህልዎ ኣለዎ። ብሸነኽ ደያኑ ጉድለታት እንተ ተራእዩ ዝእርም፡ ብሸነኽ ተወዳደርቲ፡ ብሸነኽ ኣካየድቲ ነነቱ ሕጊ ክወጽኣሉ ኣለዎ። ሰብ ሕጊ እንተ ዘይሃልዩ ቀይዲ ኣልቦ'ዩ። ሕጊ'ዩ ዘኺዶ ንሰብ። ሕጊ ኸኣ ስቕ ኢሉ ኣይተፈጥረን። መስርዕ ንኽትሕዘካ፡ መኣዝንካ ንኽይተጥፍእ ሓልዩ ንኽሕዘካ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብቲ ዝርአ ጉድለታት ኣይትዛረቡ ኣይበሃልን። ብሃናጺ መንገዲ ግን ክቐርብ ኣለዎ። እቶም ደያኑ ኸኣ፡ ምምዛን ንባዕሉ ሞያ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ዓውዲ ፍልጠቶም ክዓቢ ኣለዎ። ናይ ምምእዛን ክእለት ክነዕቢ ክንደፍእ ኣሎና።

## ብዛዕባ ስነ-ጥበባዊ ህየሳ ዘለካ ርእይቶ ከተካፍለና?

ህየሳ ናይ ብሓቂ ኣገዳሲ ምኳኑ ወላ ካብ ተመኵሮና'ውን እናረኣናዮ ዝመጻእና'ሎ። ኣብ 1990 ካብ ሱዳን ሰለስተ ክኢላታት ናብ ባህሊ ውድብ (ዓራግ) መጺኦምና ነይሮም። እቲ ሓደ ዳይረክተር፡ እቲ ሓደ ቅድመ-ድራማ ናይ ዝካየድ ንጥፈታት ክኢላ፡ እቲ ሳልሳይ ከኣ ሃያሲ። እቲ ሳልሳይ፡ ዝኸሪ ስለዝገደፈልና ስሙ ክሳዕ ሕጂ ኣይንርስዖን - ኣሲር ይበሃል። ኣሲር ጽሓፍ ኢልካዮ ክጽሕፍ ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ሃገራዊ ተለቪዥን ሱዳን ግን ካብቶም

ቐንዲ ሃየስቲ ሓደ'ዩ። ካብቶም ዝዓበዩ ሃየስቲ ናይታ ሃገር'ውን'ዩ። ኩሉ ሰብ ከኣ ይቕበሎን ይኣምነልሉን። ኣባና ሓደ ክእረም ዘለዎ መረዳእታ ኣሎ። ስለ ዘይጽሕፍ ክህይስ የብሉን ዝብል መረዳእታ ብመሰረቱ ጌጋ'ዩ። ሓንቲ ከም ዓባይ ጸገም ዝተዓዘብኩዋ ኣላ። ሓደ ሰብ ኣብ ጋዜጣና ደርፍታት ይህይስ ነይሩ - ኣብ ግጥሙን ዜማኡን። ሓደ እዋን ኣብ ሲነማ ኦድዮን ኣኼባ ተገይሩ፡ ገምጋም ምስ ተገብረ፡ 'ንስኻ እንታይ ኣበርካታይ ኢንካ ኢኻ? እንታይ ዝሰራሕካዮ ኣለካ ኢኻ?' ኢሎሞ ገለ ካብቶም ዝነቐፎም። ኣነ ተንሲአ ናይ ኣሲር ከም ርእይቶ ኣቕሪበያ። ሃያሲ ግድን ኣይኰነን ክጽሕፍ። በታ ናይ ህየሳ ሞያ ግን ክዓቢ ኣለዎ። ክመሃር ኣለዎ። ድስፐሊን ኣነቓቕፋ ክፈልጥን ብእኡ ክምራሕን እንተ ኸኢሉ ብቑዕ ሃያሲ'ዩ፡ የድልየና ድማ'ዩ። ስለዘይትጽሕፍ ክትነቅፍ የብልካን ዝበሃል የለን። ኣብ ስነ-ጥበብና ብወደሳ ዝዕብለል ኣካይዳ ክንክተል ስለ ዝፈተንና ኣብ ተጻዋርነት ትሒትና ኣለና። በንጻሩ ኣብ ሜዳ ብነቐፌታ ዝዕብለል ኣካይዳ'ዩ ነይሩና። እቲ ሰብ እንተ ተነቂፉ'ዩ ባህል ዝብሎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ሓቀኛ ኩነታቱ ይንገሮ ኣሎ። ካብኡ ተበጊሱ ከመሓይሽ ክጽዕር ይቃለስ። ኣብዚ ግን ኣጣቓዕቲ ይበዝሑ'ሞ ብኣኣ ትኸይድ ይመስለካ። ኣይኰነን። ብምጥቓዕ እንተ ኼድካያ፡ ደሓር እታ ስራሕ በይና ምስ ተፈነወት ክሳዕ ክንደይ እያ ክትዛረብ? ካብቶም ኣጣቓዕቲ ወጺኣ ኣብቶም ካልኦት ከመይ እያ ክትከይድ? ናታ ሓይሊ ሒዛ፡ ናታ ሓይሊ ፈጢራ ክትብገስ፡ ክትከይድ ክትክእል ኣለዋ። ጉድለታታ ንኸተለሊ፡ ሓይሊ ንኽትፈጥር ከኣ ህየሳ ክቐርበላ ኣለዎ። ኣብ ቀዳማይ ስርሐይ ዝተጋገኹዎ፡ ኣብ ካልኣይ ክመሃረሉ ኣሎኒ። ክመሃረሉ እንተ ኾይነ ግን ዝምህሩኒ ሰባት ክርከቡ ኣለዎም። ባዕለይ ደኣ ውድእቲ ኢለያ እንድየ። እቲ ምህሮ ድማ ካብ ነቐፍቲ'ዩ ዝርከብ። ኣብቶም ነቐፍቲ ኸኣ ድስፐሊን ኣሎ። ምድሃል ክኸውን የብሉን፡ ምንእኣስ፡ ምንሻው ክኸውን'ውን የብሉን። እቲ ጽቡቕ ገይሩ ደርፍታት ዝነቅፍ ዝነበረ ሰብ ደሓር ገዲፉዎ። ገዲፉዎ ግን እንታይ ረቢሕና? ብዙሕ እምበር ከሲርና። ወላ'ቶም ዝደሃሉዎ ኣይረብሑን። ምኽንያቱ፡ ህየሳ ሓደ ኣገዳሲ ዓውዲ'ዩ። ስነጥበብ ብጒድለቱ ክንቀፍ፡ ብጽባቐኡ ኸኣ ክንኣድ ኣለዎ። ብሓፈሻ፡ ከምቲ ጸሓፍቲ ዘለዉ፡ ሃየስቲ ጽሑፍ ከኣ ኣለዉ። ገሊኦም ሃየስቲ ክጽሕፉን ክህይሱን ይኽእሉ።

**ገሊኦም ከኣ ፈጺሞም ዘይጽሕፉ ግን ከመይ ዝበሉ ሃየስቲ ኣለዉ። ኣብ “ተጻዋርነት” ነቐፌታ ከመይ ኢና?**

ተጻዋርነትሲ ኣብ ኩሉ'ያ ተጸግመና። ኣብዚ ዳሕረዋይ ነቲ ስነ-ጥበብ ናይ እንጀራ ጉዳይ ኣትዩዎ። ሓንቲ ስራሕ እንተ ነቒፍካያ እንጀርኡ ዓጺኻዮ ኢሉ ይሓስብ። ኣይጻወርን። እታ ዝረኽባ ኣታዊ እምበር ኣብቲ ስነ-ጥበብ ዝህልዎ

ተራ ኣይርኣዮን። እቶም ናይ ብሓቂ ነቐፍቲ፡ ከይብሉና ኢሎም ሃናጺ ህየሳኦም ከቋርጹ ግን የብሎምን።

**ናብ ውልቃዊ ተመኩሮኻ ከነብል። ብኸመይ ናብ ስነ-ጥበብ ኣቲኻ?**

ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ነይረ። ካብ ተጋድሎ ሓርነት ምስ ምንቅስቓስ ፋሉል ኢና ናብ ህዝባዊ ግንባር መጺእና። ቀዳሞት ሓሙሽተ ወራራት ጸላኢ ተደራረብቲ እየን ነይረን። ድሕሪ ሓምሻይ ግን ወራራት ዘፍ ዝበለ ስለ ዝመሰለ፡ ህዝባዊ ግንባር ወፍሪ ስነ-ጥበብ ጀሚሩ - ብፍላይ ኣብ ደርፍን ድራማን። ኮሚሳር ጋንታ ነይረ ኣብቲ ግዜ'ቲ። ወዲ-ፍሽይ እንብሎ ኮሚሳር ሓይሊ ጸዊዑ፡ "ናይ ሓይልና ጉጅለ ባህሊ ከተቐውም ኢኻ፡ ምርኢት ከኣ ከተቕርቡ ኢኹም" ኢሉኒ። እንታይ እዩ ምርኢት፡ ብኸመይ ይዳሎ ኣይፈልጥን'የ። ኣተዓባብያና ኣብ ገጠር ስለዝኾነ ሲነማ'ውን ኣይረኣኹን።

**"እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ ወዲፍሽይ?" ኢለዮ።**

"ጸገም'ኳ የብሉን፡ ጥራሕ ደሓን ደሓን ዝኾኑ ሰባት'ሞ ኣኻኺብ፡ ደርፊ ትገብሩ፡ ዜማ ትገብሩሉ፡ ደሓር ተርእዩና፡" ይብለኒ። ጭንቂ ኰይኑ። ኣብ ብምሉኡ ኣሃዱታት'ዩ እቲ መምርሒ። ሓርቢቱኒ እንከሎ፡ ዕድል ክገብር ሓንቲ ኣማና ዝስማ ማንጁስ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ትመጽኣና። ንኣምና ምስ ሓተትናያ ዘጽንዓተን ሰለስተ ናይ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ደርፊ ትነግረና። ድራማ ምስ ኰነ፡ ነቶም ተዋሳእቲ ኢልና ዝመረጽናዮም፡ ናብቲ በለስ ኬድኩም፡ ነቲ በለስ ከም ሰብ ሓሲብኩም ተለማመዱ ንብሎም፡ ከይሓፍሩ። ዝከኣለና ተዳሊና መዓልቲ ምርኢት እናተጸበና ናይ መጥቃዕቲ ተበግሶ ክግበር'ዩ ተባሂሉ። ሽዑ ዘስተንፈስናዮ! ክነግረካ ኣይክእልን። ናብ ውግእና ኣቲና። ልዕሌና ባህሊ ብርጌድ ነይሮም - ብዓል ዑቕባጋብር፡ ወዲ-ዓጣ - ንሳቶም ምርኢት ገይሮም ናብቲ ጸረ-መጥቃዕቲ ኣፋንዮምና። ንጸላኢ ኣፍዓበት ኣእቲናዮ። ድሕሪ ሳልስቲ ናይዚ ሽኣ ኣነ እግረይ ተቘሪጸ። እንድሕር ተቘሪጽካ ናብ ደጀን ኢኻ ትኸይድ። ኣብኡ ድማ እቲ ንጥፈታት ቀጺለዮ። በዚ ታት'የ ኣትየ። ስለዚ፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ብመን መጺእካ እንተ ኢልካኒ ምሉእ ብምሉእ ብህዝባዊ ግንባር እየ።

**ስነ-ጥበብ ኣብቲ ገድሊ ብኸመይ ማዕቢሉ?**

ኣብ ገድሊ፡ ካብ 1961 ክሳዕ 1975 ብገለ ሃረምቲ ክራርን ረባባን ተሰንዮም ዝቐርቡ ደርፍታት ነይሮም። ብወገን ግጥሚ ሽኣ ብዙሕ ሰብ ዝዛረበላ "ገረይን መለይን" እትብል ነዋሕ ግጥሚ ነይራ። ጉጅለታት ወዲብካ ንጥፈታት ዝተጀመረ ግን ካብ 1975 ንነጀው'ዩ። ኣብ ተሓኤ ዝተመስረታ

ጉጅለታት በቶም ኣብ 60ታትን 70ታትን ተመኵሮ ዝቐሰሙ ስነጥበበኛታት ዝቑማ ስለ ዝነበራ፡ ነዊሕ ደኣ ኣይከዳን'ምበር፡ ጽቡቕ መደባት የቕርባ ነይረን። ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ደሓር ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ 1975 ዝቘመት ቦዥሪ ጉጅለ ባህሊ ነይራ። እዚኣ ብምኵራት ስነ-ጥበበኛታት ዝቘመት'ያ ነይራ። ነዊሕ ግን ኣይቀጸለትን። ኣብ 1976 እዩ ህዝባዊ ሓይልታት ብዙሕ ተመኵሮ ዘይነበሮም "ፊተውራሪ" ወዳዲቡ ጉጅለ ኣቑሙ። ክሳዕ 1977 ከኣ ሰሪሓ። ኣብቲ ዓምት'ቲ ግን ሓደ መድረኽ መጺኡ - ምሕራር ከተማታት። ስለዚ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሓራ ዝወጽኣት ከተማ "ቀያሕቲ ዕንበባ" ተወዲቦም። ድሕሪ ምዝላቕ፡ ጉጅለታት ባህሊ ኣብ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ፡ እናቘማ ከይደን። እታ ናይ ፊተውራሪ እናዓበየት ናብ ባህሊ ውድብ በጺሓ። እዞም ኣባላት ባህሊ ውድብ ከኣ ተመኵሮ ንኽቕስሙ ናብ ኩለን እተን ብርጌዳትን ክፍልታት ውድብን ፋሕ ከም ዝብሉ ተገይሩ። ሰፊሕ ወፍሪ ተኻይዱ፡ ኣብ 1981 እቲ ተመኵሮ ስለ ዝዓበየ፡ ባህሊ ውድብ ዳግማይ ኣብ ዓራግ ተጠርኒፎም። ባህሊ ውድብ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዑደት እናገበሩ ብዙሕ ሰሪሖም። ደሓር ኣብ 1988 ኣብ ክልተ ከም ዝምቀሉ ተገይሩ - ጉጅለታት ባህሊ "ዋርሳ"ን "ሓዮት"ን።

## እዚ ባህላዊ ንጥፈታት'ዚ ከመይ ትግምግሞ?

ቃልሲ ኤርትራ ንናጽነት ማለትሲ ቃልሲ ምርግጋጽ ኤርትራዊ መንነት'ዩ። ኤርትራዊ መንነት ከኣ ብኤርትራዊ ባህሊ'ዩ ዝግለጽ። ምርግጋጽ ኤርትራዊ መንነት ክንብል እንከለና ብሓፈሻ፡ ብቑጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት ይርአ። ኩላቶም መግለጺታት ባህሊ ኸኣ - ስነጽሑፍ፡ ድራማ፡ ቅብኣ፡ ሙዚቃ፡ ወዘተ - ነዚ ኤርትራዊ መንነት'ዚ ኣብ ምዕቃብ ኣብ ሜዳ ከመይ ነይሮም እንተ ኢልና፡ ምዕቃብ ጥራይ ዘይኰነ ንምስግጋርን ንሰራዊትን ህዝብን ሞራል ንምሃብን፡ ቃልሲ ወላ ይምረር ኣብ መወዳእታ ዓወት ከም ዘሎ ብስነ-ጥበብ ገድሊ ብዕምቈት ይግለጽ ነይሩ። ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበረ ንዋታውን ክኢላውን ሕጽረታት፡ ሃገራዊ ባህሊ ኣብ ምንጽብራቕ እቲ ናይ ሜዳ ልዑል ኣበርክቶ ነይሩዎ። ስነ-ጥበብ፡ ነቲ ቅድሚ ሰውራ ዝወሃቦ ዝነበረ ትሑት ግምት ስዒሩ ክቡርን ተባሃግን ሞያ ክኸውን ዝጀመረ ኣብ ሜዳ'ዩ። ስነ-ጥበብ ኣብ 60ታት'ውን ናይ ቃልሲ ተመኵሮ ኣለዎ። ግን ምስ ብዙሕ ውርደቱ'ዩ ነይሩ። ኣብ ሜዳ እቲ ሞያ ሓርነቱ ኣረጋጊጹ። እቲ ሞያዊ ኸኣ ክቡር ስራሕ ይሰርሕ ከም ዘሎ ተረዲኡ። ኣብ ብዙሕ ዓውዲታት ህይወት ምሂሩን ኣዘናጊዑን'ዩ፡ ተስተማቓርነቱ'ውን ልዒሉ። ኣፍረይቱን ኣፍቀርቱን ከኣ እናሰሰኑ ከይዶም። ስነጥበብ ሜዳ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምሕያል፡ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ኣብ ምትራር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ'ዩ።

ዓማጽን ወራርን ስርዓት ኢትዮጵያ ተሳዓሪ ምኳኑ ጐስጒሱ። ሓድነት ህዝቢ ኣብ ምድልዳልን ሃገራውነት ኣብ ምኹስኳስን ዓቢ ግደ ተጻዊቱ። ማዕርነት ደቀንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ብሰንሚ ኣጠማምታ እጃሙ ኣበርኪቱ። ድሑራት ልምድታት ኣብ ምውጋድ'ውን ተቓሊሱ። ቀጻልነትን ዕምቈትን ስነ-ጥበበኛታትና ብምርግጋጽ፡ ሓያል መበገሲ ንዝቕጽል መድረኽ'ውን ኰይኑ። ንኣድማዕነቱ ብዝምልከት፡ ሓደ ካብ ኣዘዝቲ ክፍላተ-ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብዝበላ ክገልጾ፡ "ካብቲ ናይ ክልተ/ሰለስተ ሰዓት እንከይዶ ሰሚናርሲ ሓንቲ ጽብቕቲ ደርፊ ትጉስጉሶ ይሕይል።" ስነ-ጥበብ ነቲ ዘልዕሎ ዛዕባ ብመሳጥን ኣዛናዪ መንገድን ስለ ዘቕርቦ፡ ኣብ ሓንጎል ንኽሰመርን ኣብ ሓንጎል ኣትዩ ሰብ ክቕስቅስን ልዑል ተራ ኣለዎ። ኣብ ሜዳ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ ሞያ ክቡር ምኳኑ ተረጋጊጹስ ልዑል ጠመተ ተዋሂቡዎ። ንናይ ድሕሪ ናጽነት'ውን ከም መንጠሪ ባይታ ኰይኑ'ዩ።

### ሕቶ መማህራንን መምሃርን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ከመይ ነይሩ?

ዝበዝሐ ገርሃዊ ኣጀማምራ'ዩ ነይሩዎ። መምርሒ ውድብ ኰይኑ ምስ መጽአ እተተግብሮ'ዩ ነይሩ። ዝበዝሐ ነቲ ሞያ ከይፈለጠ ዝኣተዎ'ዩ። ደሓር ግን ናብ ምውርጻጽ ገጹ ክኸይድ ጀሚሩ። እቲ ቐንዲ መምህር ዝብሎ "ብሓባር ምስራሕ" እዩ ነይሩ። ብሓባር እንተ ሰሪሕካ ግድን ኢኻ ክትዕወት። እቲ ውድብ፡ "ፈትን'ሞ ክትረኽቦ ኢኻ" እዩ ዝብለካ። "ዘይከኣል ነገር የለን" ዝብል ጭርሖ ነይራቶ ህዝባዊ ግንባር። ብርግጽ ተመኩሮ ዝጸንሐም ነይሮም'ዮም። ዘበግሱ ይህልዉ'ሞ እናተመላልአ ይምዕብል። ተራ ወሰንቲ ሰባት ኣብ ቦታኡ እንከሎ። ሓደ ሰብ ዘበገሳ ሓሳብ ምስ ቀረበት ናይ ሓባር'ያ። ናይ ዅስቶ'ያ ዝበሃል የለን። ምስ ቀረበት ብዝተፈላለዩ ሰባት ሃብቲማ ናብቲ ዝድለ ድረጃ ትበጽሕ። ዅስቶ ክጽውዓላ ወይ ክረብሓላ ዝበሃል የለን። ናይ ኩላትካ ትኸውን። ኣብዚ ናይ ምብህሃል መድረኽ ድማ ብዙሕ እናተመሃርካ ትኸይድ። ብሓፈሻ፡ ምስጢር ዓወት ስነ-ጥበብ ሜዳ ብኸምዚ ዝስዕብ ክርእዮ እኽእል፣

1. ንውልቃዊ ጻዕርን መሃዝነትን ቦታ ዝህብ ግን ከኣ ብሓባራዊ ስራሕ ዝኣምን ውዳበ ነይሩ፡

2. ክፉት ርእይቶን ስሩዕን ጽዑቕን ልምምድን፡

3. መበቈላውነት ንምሕላው ዝግበር መጽናዕትን ምርምርን፡

4. ኣብ ድርብ ዕማም ምእማን - ከም ተዋጋኣይን ስነ-ጥበበኛን ኴንካ ምውሳእ፡

5. ክትመሃር ምድላይ፡ ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ ክትስዋእ ምዃንካ እናፈለጥካ ምምሃር፡

6. ገርህን ንጹህን መንፈስ ነይሩ፡ ከይብሉኒ ዝበሃል ኣብ ሕማቕ ተግባራት ጥራይ'ዩ ነይሩ፡

7. ንእሽቶ ተራ ዓባይ እያ፡

8. ንምዅራት ልዑል ኣኽብሮት ምሃብ፡

9. ኣብቲ ሕሱም ናብራ ገድሊ ሓልዮትን ምክብባርን ተኹስኩሱ'ዩ፡

10. ብሕታዊ ረብሓ ዝበሃል ኣይነበረን። ኩሉ ዝሰራሕ ናይ ሓባርን ናይ ውድብን'ዩ።

## ኣብ ሜዳ ውድድራት ስነ-ጽሑፍ ይካየድ ነይሩ'ዩ። ብዛዕባኡ ክተዕልለኒ?

ኣቐዲሙ ኣብ ክፍላተ-ሰራዊት ዝካየድ ውድድራት ነይሩ። ስሩዕ ውድድራት ዝብል ቋንቋ ዝመጽአ ግን ኣብ መፋርቕ 1983 እዩ። ሰለስተ ተኸታታሊ ውድድራት ከኣ ተኻይዱ። ንመዓልቲ ደቀንስትዮ 1984 ምኽንያት ብምግባር ዝዕደል ብልጫ፡ ኣብ ጅግንነት ደቀንስትዮ ዝተመርኰሰ ድርሰታት ንውድድር ኢሉ ብድምጺ ሓፋሽ ዓዲሙ ክፍሊ ባህሊ። ኣብቲ ውድድር ተሳቲፈ። ደሓር ውጽኢት ክንገር እንከሎ፡ ካልአይቲ "ውጻእ መዓት" ብሰሎሞን ድራር ምስ በሉ፡ በርቂ ከም ዝሃረመኒ ደንዚዘ። ሰባት ምስ ኣድነቑኒ ኸኣ መሊሰ ደንዚዘ። እቲ ዘቕረብኩዎ ዛንታ ናይ ብጸይትና ሓቀኛ ዛንታ'ዩ ነይሩ። ኣብ ዓመታ ካልኣይ ውድድር ተገይሩ። ሓምሻይ ደረጃ ሒዘ። ኣብታ ሳልሰይቲ ግን እታ "መኸተ" እትብል ድርሰት ቀዳመይቲ ወጺኣ። እቲ ውድድራት ብድሕሪኡ ኣይቀጸለን። ኣብዚ ሳልሳይ ውድድር 160 ተወዳደርቲ ተሳቲፍና። ነቲ ዝቐረበ ጽሑፋት ዝህይስ፡ "ነቐፌታዊ ገምጋም ውድድር ስነ-ጽሑፍ" ዝብል ኣገዳሲ ጸብጻብ'ውን ተዘርጊሑ ብድሕሪኡ። ኣብ ስነ-ጥበብ ውድድር ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ ጥራሕ ብኸመይ ይተሓዝን ይውደብን'ዩ።

## እከል ስነ-ጥበብ ኤርትራ ሃገራዊ መኸተ ምንጽብራቕ'ዩ። ስነ-ጥበብና ኣብዚ መዳይ'ዚ ከመይ ትግምግሞ?

ስነ-ጥበብብ በቲ ዘሎ መድረኽ ይጽሎ ወይ ይግዛእ'ዩ ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ሓቂ'ዩ። ናይ ሜዳ መኸተ እንተ ኣልዒልና፡ ኣብ ሜዳ ማእከል ስነ-ጥበብና ፍቕሪ፡ ማሕበራዊ ህይወት፡ ክኸውን ክትጽበ ኣይትኽእልን። እቲ

ሃዋህው ኣይድርኸካን'ዩ። ናጽነት ሃገር ከተምጽእ ድቃስ ስኢንካ ከለኻ ፍቕሪ ኀል ድቃስ ከሊኡኒ ክትብል ኣይትኽእልን። ንዓኻ ኣየምሕረልካን፡ እቲ ጥበብ ከኣ ኣየፍቅደልካን። ንፍቕሪ ሃገር፡ ህዝቢ፡ ሰራዊት፡ ተጋዳላይ ከተድንኞ፡ ክትኮስኩስ እዩ ዝድርኸካ። ድቃስ ከሊኡካ ዘሎ ፍቕሪ ናጽነት ሃገር'ምበር ፍቕሪ ኀል ኣይኰነን። ስለዚ፡ ነቲ ዝገዝኣካ ገዲፍካ ኣብ ካልእ ከተተኵር ኣይትኽእልን። ኣብ ሜዳ ይፍተን ነይሩ። ግን ሰማዒ'ውን ኣይረኽበን። ሰብ'ውን ኣይሰምዓካን፡ ዝጽበዮ ኻልእ ትብሎ ኻልእ ስለ ዝኸውን። ኣብ ገድሊ ጥራይ ዘይኰነ፡ ወላ ድሕሪ ናጽነት፡ እዚ ሕጂ ዘለናዮ'ውን ናይ መኸተ እዋን'ዩ። ኩነታት ኣይተቐየረን። ዝፈጥሮ ድሩትነት ኣሎ። እቲ ድሩትነት ብቐንዱ ምስቲ ንሃገራዊ ህላወና ከጥፍኡ ዝገብሩዎ ዝተኣሳሰር'ዩ። ወያነ ኣብ 1998 ወራር ቅድሚ ምጅማራ፡ ህዝባዊ ግንባር መንግስቲ ምስ ኰነ ዝሰርሖ ተኣምር እዝክሮ'የ። ኣዝዩ ትስፉው፡ ወርቃዊ መዋእል ዝበሃል ናይ ኤርትራ ዝረኣናሉ እዋን'ዩ። እዚ ግን ተኾሊፉ። ኤርትራ በቲ ናጻ መስመር'ቲ ክትከይድ ኣይተፈቐደላን። ክትድረት ነይሩዋ። መትከል ርእስኻ ምኻኣል፡ መስመር ናጻ ሕርያ ምኽታላ ሓደጋ ዝፈጥረሎም ሓይልታት ተፈጢሮም። ኤርትራ ኣይኰነትን ኣሰኪፉቶም፡ እቲ ክትፈጥሮ እትኽእል ጽልዋ'ዩ ኣሰንቢዱዎም። ወያነ፡ ባድመ፡. . . እዚታት ላቘባ'ዩ። ወያነ ጽቡቕ ተለኣኣኺ ረኺቦም። ስለዚ፡ ስነጥበብና ኣብቲ ናይ መኸተ ክቕጽል ግድን ነይሩ። ሃገራዊ መኸተ ማእከል ህላወና ስለ ዝነበረ፡ ስነ-ጥበብና ኣብኡ ከተኵር ግድን'ዩ። ብድሕሪኡ'ውን ብኣይሰላም-ኣይኲናት ዝግለጽ ዲኞ ዝበለ ኲናት'ዩ ተሓሊፉ። ስለዚ፡ ስነ-ጥበብ መግለጺ ክዉንነት ክሳዕ ዝኾነ ካብዚ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረናን።

**ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝፍተን ካልእ ደርፍታት'ውን ነይሩ?**

ኣነ'ውን ዝፈተንኩዎ ነይሩ። "ሻመይ" ናይ ሄለን መለስ ንኣብነት ኣብዚ እዋን'ዚ'ያ ተሰሪሓ። ሄለን ካብተን ዝፈትወን ደርፍታት ኢላ ዝጠቐሰታ እያ። ክንገብሮ ንኽእል ዝነበርና'ዩ። ስነ-ጥበብ ዝተፈላለየ ኵርናዓት ህይወት ክገልጽ ኣለዎ። እንተኾነ፡ ስነጥበብና ነዚ ዕድል'ዚ ኣይረኸበን። ዓቢ ሃገራዊ ጉዳይ እናሃለወካ ናብ ካልእ ክትከይድ ትኽእል። እቲ ስነ-ጥበብ እምበኣር ካብቲ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክገልጾ ዝግብኦ ማሕበራዊ ህይወት፡ ኣብቲ ሃገራዊ ዛዕባ ጥራይ ከተኵር ተገዲዱ'ዩ። ብሓጺሩ፡ ህሉው ሃገራዊ ኩነታት'ዩ ዝጸልዎ ንስነ-ጥበብ።

**ስነ-ጥበብና ነዚ ግዚኡ ዝሓዞ ናይ መኸተ መዳይ ከመይ ገሊጹዎ ወይ ወኪሉዎ ትብል? ኣብ ርቀቱ፡ ጽባቐኡ፡ ትሕዝቶኡ. . .?**

ኣብ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ እንዲና ንዛረብ ዘለና፡ ግን ኣብዚ ክንሰርሖ ዝጸናሕና ኣብ ሃገራዊ ብዓላት ዝቐርብ ደርፊ፡ ድራማ፡ ሙዚቃዊ ድራማ፡ ወዘተ. እዩ። ዝያዳ ግን ኣብቲ ደርፊ ክንዛረብ ንኽእል። ዘሕንን፡ ዘጕሳጕስ፡ ምስ መድረኽ ዘተኣሳስር፡ ድፍኢት ዝፈጥር፡ ስንኻ ንኽትነክስ ዝሕግዝ፡ ንወለዶታት መኣዝን ዘትሕዝ ደርፍታት ተሰሪሖ'ዩ በሃላይ'የ ኣነ። ብዘይቀልዓለም። ድኻማት ኣይነበሮን ክንብል ኣይንኽእልን። ዝኾነ ፍርያት ምሉእ ብምሉእ ዕዉት ወይ ምሉእ ብምሉእ ድኹም ጥራይ ክኸውን ኣይክእልን። ብልጫን ድኻምን ክህሉ ግድን'ዩ። ኣብዚ ንዛረበሉ ዘለና መድረኽ ግን ብልጫኡ ይዛይድ ነይሩ። ኣብዚ ናይ ግዳማዊ ወራር እዋን፡ ዘየቋርጽ ተጻብኦ ስለ ዝነበረ ዘየቋርጽ ናይ መኸተ ደርፍታት ክትገብር ግድን'ዩ ነይሩ። ሓደ ሃብትኣብ ዝበሃል ሰብ፡ ኣነ ዝፈትዋ መጽሓፍ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተርጒሙዋ። ኣብ ውሽጣ ዘሎ ጥቕስታት እፈትዎ'የ። ኣብ ሓንቲ ንኣብነት፡ "ተስፋ፡ ኣብ ጸልማት ኣእዳዋ ዝዘርግሐት እምነት'ያ" እትብል ኣላ። ነዚ ህዝቢ ኸኣ እምነት'ያ ተጓዕዞ ዘላ። እምነት ኣብ ዕላማኡ፡ እምነት ኣብ መትከሉ፡ እምነት ኣብ ታሪኹ። እቲ ዋና ነገር ተስፋ ሰኒቕካ ምጒዓዝ'ዩ። ተስፋ እንተ ሰኒቕካ እምነት ዓጢቕካ ኣለኻ ማለት'ዩ። እምነት እንተ ዓጢቕካ ኸኣ ጽንዓት፡ ተወፋይነት ይመጽእ። ስለዚ፡ ኣብ መኸተ ስለ ዘለና፡ ተስፋ ከይቈረጽና ምስጓም እዩ ምርጫና። ተስፋ ጽንዓት ትወልድ፡ ጽንዓት ከኣ ዓወት።

**ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲታት ስነ-ጥበብ ኢኻ ትነጥፍ። ዝያዳ ዝብርሃካ ኣየናይ እዩ?**

ጽብቕቲ ሕቶ'ያ። ትነጥፈሉ ዘይኰነ ዝያዳ ዝብርሃካ ምባልካ ፈትየዮ። ዝያዳ ዝብርሃኒ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኰሰ መጻሕፍቲ ምጽሓፍ'ዩ። ሓቀኛ እንተ ዘይኰይኑ ኸኣ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኰሰ ልቢ-ወለድ ዛንታ ምጽሓፍ። ምጽሓፍ'ዩ ደስ ዝብለኒ ብሓፈሻ። እቲ ተመኵሮይ ከኣ ንሱ'ዩ። ኣብ ሜዳ ክጽሕፍ ዝጀመርኩ ብሓቀኛ ዛንታታት እዩ። ኣብ መጀመርታ "ውጻእ መዓት" (ኣብ ቀዳማይ ውድድር ስነ-ጽሑፍ ሜዳ ካልኣይቲ ዝወጽኣት)፡ ደሓር ከኣ ኣብ ካልኣይ ውድድር፡ "ዝረገፈ ዕንበባ ፍረ ይገድፍ" ሓምሸይቲ ዝወጽኣት። እዚኣ ብዛዕባ ኣቀታትላ ወልዳይ ግደይን ኪዳነ ክፍሉን ኣብ ከሰላ እትገልጽ ዛንታ'ያ ነይራ። ጒድለታ ኸኣ እቲ ዛንታ ካብ ሓደ ተጋዳላይ ዝተወስደ ምንባሩ ደሓር ነጊሮምኒ። ብድሕሪ'ዚኣ፡ ኣብ ሳልሳይ ውድድር ስነ-ጽሑፍ ሜዳ ቀዳመይቲ ዝወጽኣት "መኸተ" ተጻሒፉ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ "ዕጫ ሓንቲ ስድራ" ኣብ 1994፡ ቐጺላ ድማ "ኤርትራውያን ኮማንዶ" ኣብ 1996 ተሓቲመን። ኣውራ ባህገይ ዝነበረ ኸኣ ብኸምዚ ምቕጻል'ዩ።

**እዘን መጻሕፍቲ ልዑል ተቐባልነት ረኺበን'የን። ስለምንታይ ኣይቀጸልካን?**

ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ገለ ሰባት ልዕሊ "ኤርትራውያን ኮማንዶ" ን"መኸተ" ዘድንቑ ኣለዉ። "መኸተ" መልክዕ ልቢ.ወለድ ዝሓዘት'ያ፡ ኮማንዶ ኸኣ ሓቀኛ ዛንታ። ብዙሓት ሰባት ሞራልን ኣድናቖትን ምስ ኣውሓዙለይ ሰገጥ ኢለ። ሞራል ክትጥንቀቐሉ ኣለካ። "ዓማቑ መሬትሲ ማያን ማይ ከባቢኣን ትሰቲ" ዝብል ምስላ ኣሎ። ነዛ ሕቶ'ዚኣ ኣብ ምምላስ "ኣቲ ነብሲ!" እትብል ሓንቲ ካብ ግጥሚታትካ ክጠቅስ።

ኣቲ ነብሲ

ትንፍሒ፡ ትንፍሒ

ከም ጉማ ትነፍሲ፡

ትውጠሪ፡ ትውጠሪ

ከም ፈትሊ ትብንጠሲ፡

ተንቃዕርሪ፡ ተንቃዕርሪ

ከም ቄጽሊ ትረግፊ፡

ትግንፍሊ፡ ትግንፍሊ

ከም ማይ ትሃፊ፡

ትበሪ፡ ትበሪ

ሰማይ ንዘይትበጽሒ፡

ኣቲ ነብሲ!

ተስተውዕሊ፡ ትሃድኢ፡

ክንዮ ሰማይ ትበጽሒ።

ኣብቲ ትበረሉሰማይ ዘይበጽሐትሲ፡ ሃዲኣ፡ ኣስተውዒላ ግን ክንዮ ሰማይ ትበጽሕ። ጽቡቅ ኣገላልጻ'ዩ። ናይ ህይወት ፍልስፍና ድማ'ዩ እዚ። እቲ ዝመጽኣካ ርእይቶ እምበኣር በቲ ሓደ ምትብባዕ'ዩ፡ በቲ ሓደ ኸኣ ሓላፍነት ምስካም'ዩ። ክቡር ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንኤርትራውያን ኮማንዶ ኣብ ዝጸሓፈላ መቕድም ከምዚ ኢሉ ነይሩ፣ ". . . ኩላቶም ንኤርትራ ዝፈትዉ ከንብቡዋን ኣብ ከብሒ መጻሕፍቶም ክሕዙዋን ድማ እምነየላ።" ኣብ

ምዝዛም ከኣ፡ "ንደራሲ ተጋዳላይ ሰሎሞን ድራር ስለቲ ጻዕረኛነቱን ኣርኣያነቱን ልባዊ ምስጋናይ እናኣቕረብኩ፡ ቀጐምነገራዊ ኣበርክቶኡ ክቕጽሎ እላቦ፡" ይብል። እዚ እንታይ ማለት'ዩ፡ ሓላፍነት ዘሰክም'ዩ። ስለዚ፡ ክትሃድእን ከተስተውዕልን ትድረኽ። መድረኻት ክቀያየሩ እንከለዉ ናታቶም ዕድላትን ብድሆታትን ሒዞም ይመጽኡ። እቲ ዕድላት ናጽነት ዝፈጥሮ ናጻ ምንቅስቓስን ቀረባትን ነይሩ። እቲ ብድሆ ኸኣ ናይ ሜዳ ተመኩሮ ንበይኑ'ዩ። ኩሉ ናይ ሓባር'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ግን ሓደ ፍልይ ዝበለ መድረኽ መጺኡ። ሰባይ ስሞም ክጥቀስ ጀሚሩ... ውሑድ ይኹን'ውን ገንዘብ ዝበሃል ከኣ መጺኡ። ዝወሃበካ ሓበሬታ ክሳዕ ክንደይ ተኣማኒ'ዩ ሕቶ ይልዓል። ሓበሬታ ምሃብ ዝኣብዩ ኸኣ ኣለዉ። ሓንቲ ዛንታ'ላ ብዙሕ ዝንገረላ። ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ሰላሳ ተመሃሮ ዝነበሩዎ መምህር ነይሩ። ክልተ ማስክ ዝተሸፈኑ፡ ብረት ዝሓዙ ሰባት ሃንደበት ኣምጺኡ ነታ ክፍሊ፡ "በጥ በል! ኩልኻ በጥ በል!" ብምባል ብጽብጽ ከም ዘብሉዋ ገበሮም። ምስ ከዱ፡ "ነዛ ዘጓነፈትኩም ግለጹዋ፡" ኢሉዎም ንተመሃሮኡ። እዞም ሰላሳ ተመሃሮ ሰላሳ በበይኑ ስምዒታት ጽሒፎም። ድሕሪ ናጽነት እምበኣር ኣብቲ ኣዘናትዋ ንባዕሉ ፍልልያት ክመጽእ ይኽእል። እዚታት ዝፈጠሮ ጸገም ተቐላቒሉ። ስለዚ፡ በቲ ሓደን ትሕት ክብል፡ በቲ ሓደ ኸኣ ዝተዋህበኒ ሓላፍነት ከተግብር፡ ድሕሪ ኮማንዶ ረሲን እየ። ኣብ 1997 ስርሒታት ከተማ ኣጽኒዐ። ሰማንያ ሚእታዊት ኣቢለ ከይደ። ኣብኡ ዝረኣየኒ ዝነበረ ዛንታታት ከኣ ካልእ ነገር'ዩ። ደሓር፡ ሓደ ኣቐዲሙ ሕራይ ዝበለኒ ብዙሕ ሓበሬታ ዝነበሮ ኣገዳሲ ሰብ፡ "ኣይህብን'የ" ኢሉኒ። ሓበሬታ እንተ ተኾሊፍካ ኸኣ ተኾሊፍካ ኢኻ። ብሸምዚታት ምትንኻፍ ይመጽእ። ምስ ጸሓፍካ ዝመጽኣካ ስምዒታት ዝትንክፍ ነገራት ከኣ'ሎ። ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ኣነ ኣብ ክልተ እመቕሎ፣ ረቂቕን ዝድህሰስን። እቲ ረቂቕ ክፉል ይትረፍ ተንቲንና ክንጽሕፈሉ ክንርድኦ'ውን የጸግመና'ዩ። እቲ ዝድህሰስ ግን ክንጽሕፈሉ ንኽእል ኢና። እቲ ዝድህሰስ ከምዚ ናይ ኮማንዶ ስርሒታት፡ ውዕሎታት፡ ሰባት ኣዘራሪብካ ክትገብሮ እትኽእል'ዩ። ኣብዚ ዘይሰራሕና'ዩ እቲ ናተይ ስክፍታ። ዘሰክፈና እንተ'ሎ ዝርኢ ኣካል ክህሉ ኣለዎ'ምበር ሓበሬታ ክወሃብን ክጽሓፍን ኣለዎ።

## እንታይ ደኣ ጌርካ ብድሕሪ'ዚ?

ኣብ 1997 ጽቡቕ ተዳልየ ኣይሰለጠንን። ኣብ 1998 ግን ወራር ወያነ መጺኡ። ዓቢ ፖለቲካዊ ስራሕ መጺኡ። መደበይ ንባዕሉ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ እዩ። ስለዚ፡ ተዓጢቕካ ክትወፍረሉ ዘለካ'ዩ። "ኣበይ ከም ዝተዓንቀፍካ'ምበር ኣበይ ከም ዝወደቕካ ኣይትርኣ፡" ዝብል ምስላ ኣፍሪቃውያን ኣሎ። ብዛዕባ ፍሽለት ኣይትሕሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ከይፈተንካ

ተሕልፎ ዘለኻ ዕድላት ሕሰብ። እቲ ቊምነገር እቲ ዘጓንፈካ ዕንቅፋት ዘይኰነስ ነቲ ዘጋጥመካ ዕንቅፋት ከመይ ዝበለ መልሰ-ግብሪ ትህቦ'ዩ ወሳኒ። ዓንቃፊ ወይ ጐታቲ ኩነታት ወይ ተመክሮታት ከጋጥመካ እንከሎ፡ ብሓድሽ ኣጠማምታ ክትርእዮ ኣለካ። ነቲ ኩነታት ኣስፍሕ ኣቢልካ ብምጥማት፡ ዓቢ ነገር'ባ ኣይኰነን ክትብል ክትክእል ኣለካ። እዚ'ዩ እቲ መበገሲ ነይሩ። ሓደ ኸኣ 'ጻዕረኛነትሲ ነዊሕ ጉያ ኣይኰነን፡ ተኸታታልን ቀጻልን ብዙሕ ንኣሽቱ ጉያታት እዩ' ኢሉ ነይሩ። እታ ወሳኒት ቐጻልነት ምርግጋጽ እያ። ብርዒ ደው ክትብል የብላን። ኣቐዲመ ኣብ ማእከላይ ጨንፈር ባህሊ ውድብ እንከለኹ ዓሰርተ ዝኾና ግጥምታት ንደርፊ ሰሪሐ ነይረ። ካልኣይ፡ ኣብ 1992 ዝጸሓፍኩዋ፡ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ትሕተም ዝነበረት "ኣይሞተን መርሃዊ" እትብል ግጥሚ ነይራ። እዚታት ስራሕ ዝብል መልእኽቲ ይህበካ'ዩ። ወራር ወያነ ምስ መጽአ እምበኣር፡ መጽሓፍ ምጽሓፍ ግዜ ንሃቦ፡ ኣብዚ ናይ መኸተ ነብል ተባሂሉ ካብ ህግደፍ ናብ ዜና ከቲትና። ኣብ ደርፍታት ክሰርሕ ኣሎኒ ኢለ፡ "ሓደ ልቢ" ብእትብል ናይ ኣበባ ሃይለ ጀሚረ። እግሪ-እግሩ ኸኣ እዚ ወራር ናይ ብሓቂ ናይ ወያነ ድዩ ዝብል ሓሳብ መጺኡ። ንወያነ ከነቃልዓ ኣሎና ኢልና። ኣብ 1999 እንታይነት ወያነ ዝገልጽ ሓደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣዳልየ። ሽዑ፡ ኣሰናዳኢ መጽሔት ሓበን እውን ነይረ፡ ሓድሽ ካርታ ክልል ትግራይ ዘቃልዕ ጽሑፋት'ውን ኣውጺእና።

**ብዛዕባ'ተን ናይ ደርፊ ግጥሚታት ክትገልጸልና?**

መሬት እናጐሃረ ዘየቋርጽ ፍሽኽታ ሓደ ልቦም ጀጋኑ ሰጊሮሞ ብተስፋ ሓደ ልቢ'ወ ሓይሉ ልዕሊ ክብደት ሚዛኑ ሓደ ልቢ ተኣምር ኣርእዩና እቲ ወኑ። ንእመት መንቀሊኣ ሰስድሪ ህዉኽ ዝብኢ ነኺሱ ኢሎሞ ቐርኒ ዓቕሊ ደኣ ንምብጽሑ እቲ ማዕዶ ከይንሕንኰልስ ህድእ ኢልና ንኺዶ። ካብቲ ውጹእ ሃገር ጠቀስ ኣብ ፍቕሪ'ውን ናይ ሄለን መለስ "ሻመይ"ን ካልኦትን፡ ናይ ኣበባ ሃይለ "ምስኡ". . . ዝኣመሰለ ሰሪሕና። ኣብ ደርፍታት ብሓፈሻ ክሳዕ ሚእቲ ዝኸውን በጺሐ'ለኹ። እታ ብዙሕ ዝዝረበላ "ኣድሃ" መጺኣ ብድሕሪኡ፣ ኣድሃ ፍጋን ገጹ ቃልካስ ኣድማስ ኣናዊጹ ኣድሃ ንበረልና ንበር ሃገር ክትውስኽ ተኣምር ኣድሃ ንበር ዓለም ጸገማታ ክትምርምር። ተመዚንካ ኣብ ሚዛን ስብእነት ነቕ ዘይብል ዘይነጽፍ ሓሞት ኣበደን ኢልካ ኣይምብርከኽን ይትረፍ ንሰብ ንጸሓይ ተድንን። ኣብ ጸገማት መሊስካ ትስሓል ቀላይ ልቡ ክቡር ብዓል ተውለ ኽብሉ ዝናኻ ሰሚዐ ምድርን ባሕርን ምስ ተረጋግአ። ካልእ ዝፈትዋ ደርፊ ኸኣ "ክኸውን'ዩ" እትብል እያ። ኣብቲ ናይ መኸተ እዋን፡ እቲ ዝበልናዮ'ውን ክኸውን'ዩ እትብል'ያ። ርምዴት ኣለም ዝደረፈታ። ክኸውን'ዩ ከመይ ዘይኸውን ኣላጊብና እንዲና መርፍእን ፈትልን ተቐኒትና

እንዲና ሓቦን ኒሕን ሱባኤ ኣቲና ንኡስን ዓብን ሰጊርናዮ እንዲና ጸዋግ ዘመን እቲ ንደልዮ ክኸውን'ዩ ከመይ ዘይኸውን? ንወዲ ትኹል'ውን ሓንቲ ጌርናሉ ነይርና፡ ንእምባ ደንደን ምስ ገምሃሎ እናኣነጻጸርና። ናይ ጓል ኣንከረ'ውን ነይራ፡ ወዘተ.። ብድሕሪ'ዚ፡ እታ ብዙሕ ተቐባልነት ዝረኸበት "ንኺድ ጥራይ" እትብል ደርፊ ሰሪሕና። ማእከል እሾኹ በቕልና ዕንበባ ኣይንገደስ ብድኳን ዘረባ እታ ዓለሞም ደባን'ዩ 'ቲ ሕብራ ጽፍዒት ንስሪ ኣዕዊሩዎ ንዓይና ንኺድ ንኺድ ንፍጠራ ዓለምና ንኺድ ብርሃን'ዩ ቕድሜና። ኣፋትል ዓመጽ ይጠናነት ሓሶት ጠኒሶም ክፋእ ይውለዱ ሰርቢ ክፍኣት ናብ ዝናበ-ልምዓት ነቲ ዕረ ናብቲ ዝመቀረ ዓቐበቶም ክንቅይሮ ሜዳ ጸድፊታቶም ክንገብረሉ ኹዳ ንኺድ ጥራይ በቲ ቋንቋ ግብሪ ውዲታቶም መኺኑ ክበሊ ንኺድ ደኣ ደቂ ኤረ ትማሊ'ኳ ነይሩ ዝመረረ ዓዲ ጸጋ ምድረ-ወርቂ ንኺድ ጥራይ ምሳና'ያ ሓቂ።

**ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ግጥሚ ደርፍታት ኣልዒልና ነይርና። በታ "ዘውዲ ሓርነት" እትብል ቴድሮስን ፍረ-ህይወትን ዝደርፉዋ ክንቅጽል?**

ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ከም ወርቂ ብርሃን'ዩ ዝቕድም ወላ ይውደቕ በርቂ ዛንታ ንጹፍ ማያት የዘንትዉ ንሳቶም ንሕና ብማዕበል ባሕሪ ንጸርጎም። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ እቲ ናይ ደርፊ ግጥምታት በብቕሩብ ተዋህሊሉ ሚእቲ ኣቢሉ በጺሑ ኣሎ። ብዙሓት ደረፍቲ ድማ'ዮም ደሪፎሞ። ዳዊት ሽላን ዝደርፋ "ዓዲ ማሕላ" እውን ካብተን ዝፈትወን'ያ፣ ርእሲ ኹሉ ጸጋ ርእሲ ኹሉ ሃብቲ ልዕሊ ኹሉ ኣጽዋር ልዕሊ ኹሉ ሓይሊ መዓስ ወኒንናዮ ብዋዛ ፈዛዛ ከፊልናሉ እንዲና ተጸሚምና ቓንዛ። ብሓጺሩ ከምዚታት'ዩ ነይሩ። ብዓቕምና ፈቲንና። ንኹላቶም ብብቕዓት ዝደረፉዎን ዜማ ዝገበሩሉን ከመስግኖም ድማ እደሊ። "ኣይሞተን መርሃዊ" ካብተን ፍሉጣት ግጥሚታት ንባብ'ያ።

**ሰሎሞን ኣብ ምጽሓፍ ዝንበብ ግጥሚ ግን ኣይቀጸልካን። ስለምንታይ?**

እወ ኣይቀጸልኩን። ምብዛሕ ዕማም ዝፈጠሮ'ዩ መስለኒ። ኣብ ብዙሕ፡ ወላ'ኳ ኣብ ሓድሕዱ ዝተኣሳሰር እንተኾነ፡ እቲ ዝነጠፍኩሉ ዓውድታት በዚሑ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝበልኩዎ፡ ቀንዲ መጻሕፍቲ ምጽሓፍ ክቕጽል'ዩ ትጽቢት ነይሩኒ። ምዱብ ናይ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ ከኣ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ከለኹ ኣብ 2009 ሃኮሰኤ ጸዊዮምኒ። ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ካብ ግዜ ጣልያን ክሳዕ ግዜ ናጽነት ናይ ምስናድ መደብ ከም ዘለዎም ድማ ነጊሮምኒ። ድሕሪ ምስናድ፡ ካብኡ ገለ መጻሕፍቲ ክትገብር ኢኻ'ውን ተባሂለ። ስለዚ፡ ኣብ ምስናድን ምጽሓፍን ኣድሂበ። ማዕረ-ማዕረ'ቲ

ካልእ ዝሰርሖ ዝነበርኩ ተኸታታሊ ፊልምታት ማለት'ዩ። እቲ ግጥሚ ናይ ምጽሓፍ ወኒ ግን ኣይቀጸለን።

**ብዛዕባ'ዚ ናይ ሃኮሰኤ ዕማም ከተብርሃልና?**

ናብዚ ሃኮሰኤ ዝሃቡና ስራሕ ቅድሚ ምእታውና፡ መማእዘኒ ሓሳባት ስለ ዝደለና፡ ምስ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ቃለ-መጠይቕ ከነካይድ መደብ ሓዙልና ኢልናዮም። ኣነን ኣስመሮም ሃብተማርያምን ድማ ረኺብናዮ። ብመሰረቱ መርሓ ጕደና ንኽህበና ኢና ደሊና። ታሪኽ ሰራሕተኛታት ካብ ጣልያን ኣትሒዙ ክሳዕ ናጽነት ከመይ ይጥምቶ መርሓ ደሊና። ካብቲ ቃለ-መጠይቕ'ቲ ተበጊሰ ኸኣ "መዘክርን መርሓን" እትብል መጽሓፍ ኣዳልየ። ናብ እንግሊዝኛን ዓረብን እውን ተተርጕማ ተዘርጊሓ። ታሪኽ ሰራሕተኛታት ካብ 1885 ክሳዕ 1962 እያ እዛ ንሰርሓ ዘለና። እቲ ዘጋጠመ ቀንዲ ብድሆ እቲ ከም ምንጪ ሓበሬታ ዝተረኽበ፡ ብዙሓት ኣብቲ ዓውዲ ዝጸሓፉ ዝተጠቐምሉ ምኳኑ'ዩ። ካብኡ ተበጊስና ሓደ ነገር ክንገብር፡ እንተ ወሓደ ንሰራሕተኛታት ከም መምሃሪ ወይ መወከሲ ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢልና ምስ ኣዳለናያ ንሰለስተ ገምገምቲ ሂብናዮም። ተቐቢሎማ። ደሓር ናብ ህግደፍ ምስ ሰደድናያ ግን እቲ ዝነበረ'ዩ ተጠርኒፉ እምበር "ሓድሽ ነገር የብላን" ኢሎም ገምጊሞማ። እቲ ሓድሽ ነገር እንታይ እዩ ይርድኣና'ዩ። እቲ ጉድለታት'ውን ይርድኣና። ግን ሳሕዊ ምንጭታት ዝፈጠሮ'ዩ። ወይ ዝተሓየኸ ምኳኑ'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ ተወሳኺ ዳህሳስ ከነካይድን ዘይተፈተሸ ክንፍትሽን፡ ሓንቲ ብቋንቋ ጣልያን ዝተጻሕፈት፡ ካልኦት ዘይጠቐሱዋ፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ ግን ዘለዋ መጽሓፍ ረኺብና። ዝያዳ ክንፍትሽ ከኣ ተገዲድና። ካልኣይቲ መጽሓፍ'ውን ረኺብና። ካልእ ናይ መወዳእታ ትጽቢትና፡ ኣብ መንደፈራ ሰነዳት ኣሎ'ሞ ንዕኡ ረኺብና ክንፍትሾ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰነዳት ናይ ምፍታሽ መስርሕ እንከለና፡ ሓላፊት ሰነዳ ህግደፍ፡ ኣዜብ ተወልደ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣምባሳደር ኢጣልያ፡ ኣብ 1998 ኣቢሉ ዝተሰጐ፡ ክኸይድ ከሎ "ኣቃጽሉዎ" ኢሉ ንገለ ሰባት ዝሃቦም ናይ ኣቦታትና ሰነዳት ከም ዘሎ ሓቢራትና። ብምልኡ ናይ ጣልያን ዕስክርና ኣብ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 1935 ክሳዕ 1941 ዝኸተቱ ኣቦታትና ዓሳክር ፋይላት እዩ። ኣጋጣሚ ኣብ ፖቮኒ ሰንተር ዝነበረ ሰብ ነዛ ዘረባ ይሰምዓ። ነቶም ኣቃጽሉ ዝተባህሉ ይረኽቦም'ሞ ሓቢኡ ኣብ ፓቮኒ ሰንተር ኣቐሚጡዎ። ነቲ ኣምባሳደር ከኣ "ኣቃጺልናዮ" በሉዎ ኢሉዎም። እዚ ዛንታ'ዚ ወላ ናብ ፓቮኒ ሰንተር እናተመላለስና ኣይረኸብናዮን። ስቕ ኢልና ነይረን ዮናስ ዝበሃል መንእሰይ እዩ ካብ ፖቮኒ ሰንተር ንኣዜብ ተወልደ ዝሕብራ። እዚ ሓበሬታ'ዚ ምስ ተረኽበ፡ 11 ጣልያን ዝኽእላ መንእሰያት፡

ዮናስ እናተኽታተለን ተርጐመን ክሳዕ 70 ሽሕ ዝበጽሕ ዝርዝር ኣስማት ዓሳክር ረኺብና። ኣብዛ ንሰርሓ ዘለና መጽሓፍ ታሪኽ ሰራሕተኛታት፡ "ዕስክርና" ዝብል ሓደ ምዕራፍ ነይሩና። እዚ ሓበሬታ'ዚ ምስ ተረኽበ ግን፡ ካብቲ መጽሓፍ ኣውጺእና ንገዛእ-ርእሱ መጽሓፍ ኲይኑ ይዳሎ ኣሎ። ደሓን ዝኾነ ዛንታታት ከኣ ረኺብና። ሓደ ዘገርም "ጒማ እግሩ" ናይ ዝብሉዎ ሰብኣይ ዛንታ'ዩ። ኣብዚ ምኽታብ ስለ ዝኣበዩዎ፡ ካብዚ ብእግሩ ትሪፑሊ ከይዱ ዝተኸትበ ነይሩ። ከምዚታት ዝኣመሰለ ኣገራሚ ዛንታታት ተረኺቡ ኣሎ። ኤርትራውያን ኮማንዶ ናብ እንግሊዝኛ ተተርጒማ ኣላ። ኣብ ምንታይ በጺሓ? ፕሮፌሰር በርሀ ሃብተገርግሽ እዩ ተርጒሙዋ። ቅድም ተርጒሙ ኣምጺኡዋ ነይሩ። ርኢና ዝጐደለን ዘይተተርጐመን ነይሩ ርእይቶ ሂብናዮ። ሕጂ ግን ኣጻፊፉ ኣምጺኡዋ ኣሎ፡ ኣነ ሓሊፈያ፡ ምስኡ ኬንና ኽኣ ዝዕረ ኣዐሪና። ኣሕተምቲ ሕድሪ ሒዞማ ኣለዉ። ኣብ ለይኣውት ኣላ።

**ብዛዕባ ደረጃ ስነ-ጥበብ ሃገርና ዘለካ ርእይቶ ከተካፍለና?**

ከምቲ ንፈልጦ ስነ-ጥበብ ግፍሕ ኢሉ'ዩ። ኣብቲ ብቐረባ ዝነጥፈሉ ክዛረብ። ኣብ ፈጠራዊ ጽሑፍ ኣይነጠፍኩን። ዝሕተሙ መጻሕፍቲ ግን እገዝእ'የ። ካብ መመረቕታ ዓዲ ኣይወዓልናን። እቲ ኣነ ብልጫ ዝብሎ፡ እቲ ምስ ብዙሕ ጸገማትና፡ ምስ ብዙሕ ሕጽረታትና ስራሕ ይቕጽል ምህላዉ'ዩ። በዚ ሕጕስ'የ። ዝምረቑ መጻሕፍቲ ብዙሓት እዮም። ሓደ እዋን ሓፈሻዊ ገምጋም ደልየ ሓታቲተስ ዳርጋ ኣብ ዓመት ሚእቲ ይበጽሕ ኣሎ። ሕራይ። እቲ ዘዛርብ ግን ኣብ ትሕዝቶ ከመይ እዩ? ኣብዚ ኣነ ላህመታዊ ትዕዝብቲ'የ ክህብ ዝኽእል። ዕሙቕ ኢልካ ክግምገምን ክጽናዕን ኣለዎ። ኣውራ ንደርፍታት ከመዝን እንከለኹ ናይ መኽተ'ዩ እቲ ዝዓዘዘ። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገምና፡ ነንዓውዱ ዝምልከት ትምህርቲ የብልናን። እዚ ዓቢ ጸገም'ዩ። ሞያታት ከኣ መንቀሊኦም ደኣ ተውህቦ ይኹን'ምበር፡ ድሕሪኡ ትምህርቲ የድልዮም። ወላ ምዱብ ትምህርቲ ኣይሃሉ፡ ቀጻሊ ዓውደዘተታት'ውን ኣይንገብርን ኢና። እቲ ባዕልና ክንገብሮ ዝግብኣናስ ኣይገበርናን። ኣብቲ ዝግበር ውሑድ ከኣ ክንዛናጠል እንተ ዘይኲይኑ፡ ዳርጋ ክንከሳሰብ ዘይንጽዕር ኢና። ሕጽረት ናይ መረዳእታ'ዩ። ሓንጐልና ካብ ዘይምስፍሑ'ዩ። እዚ ኽኣ ናብ ምንታይ ይወስድ፡ ናብ በይንኻ ምፍራይ። በይንኻ እትገብሮ ኽኣ ከም ተበግሶ ቅቡል'ዩ፡ ግን መመላእታ የድልየካ። እቲ ንስኻ ትጥምቶ ካልኣት ከመይ ይጥምትዎ መነጻጸሪ የድልየካ። ርግጽ ዲጂታላዊ እዋን ብዙሕ ይሕግዝ'ዩ። ድላይካ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ግን ዓጋቲ ዘይብሉ መመንጢልካ ኣምጺእካ ክስራሕ ይርኣ። ግጥሚ ንኣብነት ምድርዳር ቃላት ኣይኲነን፡ ምምራጽ ቃላት ደኣ'ምበር። ኣብ ጽሑፍ፡ ካብ መረጻ ኣርእስቲ

ጀሚርካ እምነትን ቃናን ናይቲ ጸሓፊ እንታይ እዩ? እንታይ እዩ ክነግር ደልዩ ዘሎ፡ ኣብ ትሕዝቶ፡ ቅርጺ፡ ኣሰራርዓ፡ ኣመራርጻ ቃላት፡ . . . ክምለስ ኣለዎ። ኣብ ብዙሓት ንኣሽቱ ገጠምቲ ትኽ ብትኽ ዘረባ ይበዝሕ። ነቲ ቋንቋን ኣገባባቱን ብዙሕ ኣይጥቀምሉን። ተራ ዘረባ ይኸውን። መለሳ ዝፈጥርሲ ኣይኰነን። ነቲ ዝርአ ጉሉሕ ድኽመታት ንምእራም ስሩዕ ዓውደዘተታት ክግበር ኣለዎ። እቲ ምኵር ሞያዊ ተመኩሮኡ ብምክፋል ብዙሕ ምሓገዘ። ስነ-ጽሑፍና ኣብ ሽነኽ መሃዝነት ክርእዮ እንክለኹ ቍሩብ ምንቅጥልቛል ዘርኢ ዘሎ ኰይኑ ይስምዓኒ። ሽግር ፈጢሩ ዘሎ፡ ብፍላይ ኣብ ደርፍታት፡ "ዩትዩብ" እዩ። ሓደ ስራሕ ዝከታተሎ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘሎኒ። በብውልቅኻን ከም ዝደለኻዮን ምፍናው የሰክፍ'ዩ። ስለዚ፡ ያዕ ዝብል ክህሉ ኣለዎ። እንተ ሳዕሪሩ ጸገም'ዩ። ስነ-ጥበብ ልቦና ይደሊ'ዩ፡ ሱቕ ኢልካ ፈኖ ክኸይድ ኣይግባእን። መውረርያ የድልዮ። ናብ ህዝቢ ዝዝርጋሕሲ ጥንቃቐ የድሊ፡ ብስለት'ውን ይሓትት።

## ስነ-ጥበብ ብኸመይ ትርእዮ? ተውህቦ ድዩ ወይስ እትመሃሮ እዩ?

ብዙሕ የዛርብ'ዩ። እቲ'ዩ እቲ'ባ ኢልካ ኣብ ሓደ ከተዕልቦ ሓጋዚ ኣይኰነን። ክልቲኡ ዝመላላእ'ዩ። ዘይሩ ዘይሩ ግን እቲ መንቀሊ ተውህቦ ኰይኑ ይስምዓኒ። ሰባት ንተውህቦኦም የለልይዎዶ? እዩ እቲ ሕቶ። ተውህቦ እንተ ዘይመሊእካሉ፡ ትምህርትን ተመኩሮን እንተ ዘይወሲኽካሉ ግን ንበይኑ ኣብ ዘብጽሕ የብሉን። ብሕጽር ዝበለ ኣነ ነቲ ተውህቦ ቀዳማይ ደረጃ እህቦ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ግን፡ እቲ ናይ ተመኩሮን ትምህርትን ኣፍኵስካ ትርእዮ ማለት ኣይኰነን። እቲ ዝጸርብን ዝስሕልንሲ እቲ ድሕሪ ተውህቦ ዘሎ ተመኩሮን ትምህርትን'ዩ። ብዙሕ ሰብ ክፍትን ይኽእል'ዩ። እቲ ተውህቦ ዘይብሉ ግን ኣብ መስርሕ ይእለ። ይኣትውዎ ኣለዉ ኢሎም ዝኣትዉ እንተ ኰይኖም ክቕጽሉ ኣይክእሉን። እቶም ተውህቦ ዘለዎም ከኣ ናይ ቅድሚኦም ዝነበሩ ዕዮታት ብምውካስ፡ ምንባብ፡ ምጽናዕ እዮም ክሓልፉ ዘለዎም። እምበር ከምዚ ንርእዮ ዘለና፡ ካብ ዝተሰርሐ ጕጕሚድካ ዜማ፡ ግጥሚ፡ ገለ ኣየቐጽልን'ዩ። ጥበባዊ ብቕዓት ከኣ ኣይኰነን። መበቈላውነት እናሃሰሰ፡ ፈኖ ኰይኑ ይኸይድ ኣሎ ኣብቲ ዩትዩብ። ኣቦይ እዝጊ ሂቡዎ እንክሎ ተነጺፉዎ እንተ ደቂሱ ግን ኣይተዋህበን። ተውህቦ ብቐጻሊ እንተ ዘይተመሊኡ ኣራጋይ እዩ። ይበሊ፡ ይጠፍእ። እናተመሃርካ'ዩ ዝሰሓል። ተመኩሮ ሰሓላይ እዩ። ናይ መጀመርታ ስርሐይ፡ ንኣብነት፡ "ውጻእ መዓት" ዝብል ኣርእስቲ'የ ሂበያ ነይረ። ጀማሪ'የ ዘለኹ። ጽብቕቲ ስም ኢለ'የ መሪጸያ። ደሓር ግን ነቲ ዛንታ ኣብ ኣርእስቲ ከም ዝመለስኩዎ ነጊሮምኒ። እታ ገጸ-ባህሪ ካብ መዓት እያ ወጺኣ። ከመይ ዝበለ ዛንታ'ዩ። ግን ከም ዘላታ'የ ኮፍ ኣቢለያ። ካብ ናይ

ካልኦት ርእይቶን ካብ ተመኩሮን ግን ብዙሕ ተማሂረ። ካብቲ ትሰርሖ ንባዕሉ ትመሃር ኢኻ። ተውህቦና ኣለሊና፡ ትምህርትን ተመኩሮን ክንጸቕጠሉ ኣሎና።

**ናብቲ ኣብ ሜዳ ዝሰራሕካዮ ናይ ደርፊ ግጥምታት ከነብል?**

እግረይ ምስ ተቐረጽኩ ኣብ ጨንፈር ስንኩላን እየ ነይረ። ኣብኡ ከለኹ'ዩ እቲ ሰለስተ ውድድራት ስነ-ጽሑፍ ዝተኻየደ። ሳልሰይቲ ውድድር ምስ ተኣወጀት፡ ዛንታ እናጸሓፍኩ ከለኹ፡ ናብ ማእከላይ ጨንፈር ባህሊ ውድብ ክቕየር ሓቲተ። ናይ ስነጽሑፍ ዝንባለ ይርኣየኒ ኣሎ'ሞ ዝያዳ ከዕምቖ ብምባል፡ ኣብኡ ኸኣ ምሁራት ኣለዉ መጻሕፍቲ'ውን ኣሎ ንሰምዕ ስለ ዝነበርና፡ ናብኡ ንኽቕየር ወረቐት ኣእተየ። ጽቡቕ ተመሊሱለይ፡ ኣብ መፋርቕ 1985 ከይደ። እንታይ ከፍሪ ከም ዝኽእል ሓሲበ። "መኸተ" ኣብኡ እንከለኹ'ያ ተሓቲማ። ኣብ ኣካል ስነ-ጽሑፍን ድራማን ተመዲበ። ኣለምሰገድ ተስፋይ እዩ ነይሩ ሓላፊና። ንሱ ቀልጢፉ ከይዱ ኣነ ተኪአዮ። ሓላፊ ጥራሕ ኴንካ ክንበር ግን ኣይከኣልን። ገለ ክትሕውስ ኣለካ። ናይ ደርፊ ግጥሚ ዝእቶ ኹይኑ ይስምዓኒ ኣይነበረን። ብዓል ፍሒራ፡ ወዲ-ትኹል፡ ጓል-ኣንከረ፡. . . ክደርፉ ከለዉስ ከመይ ገይሮም'ዮም ዝገብሩዎ? እየ ዝብል ነይረ። ፍሒራ ይደፋፍኣኒ ነይሩ። ሓደ እዋን፡ "ብዛዕባ ኣባ ይስሓቕ ገሬሱስ ኣብ ሕሽክብ ሓንቲ መጽናዕቲ ገይረ ተመሊሰ ኣለኹ'ሞ ብሓደ ኼንና ዘይንሰርሓ፡" ይብለኒ። ምስ ፍሒራ ዝኣክል ክትሰርሕ ዓቢ ጽዕነት'ዩ ነይሩ። ግን ሕራይ ዘይፍትን ኢለ ጽሒፈ። ታሕሳስ 1986 እዩ። ኣዝማች ንሱ ይገብራ። ካብኣ ተበጊስካ እስኪ ኣስፍሓያ ምስ በለኒ፡ ሰሪሐያ። ፈትዩዋ።

ከመይ ውዒሉ መኸተ

ፋርሰይ ሃበኒ ኣመተ

ኣሚነይ ኣብ ግጥም ዝሞተ

ኣመስኪሩዶ ጽንዓተ

ኣመስኪሩዶ?

ጐናኒኡዎም ከም ማሽላ

ዘጋጊልዎም ብደበላ

ሓለፈ . . . ኣቦ ስድራ

**ጽንዓት ክትገብሪ ግን ገዲፉ ሓደራ።**

**እዚኣን ምስ ፈተንኩ፡ ኣብ ልምምድ ተደሪፉ። ወይለይ ክእቶ'ባ ይከኣል'ዩ ኢለ። ኣብ መደምደምታ ኸኣ ከምዚ ገይረላ፣**

**እታ ናይ ሕድሪ መሬትና**

**ኣይነርግጻን ብጓና**

**ደቀየ ኣጆኹም**

**ህሉው'ዩ ኮታ ኣቦኹም**

**ህሉው'ዩ ኮታ።**

**ብድሕሪኡ ነቲ ስራሕ ቀጺለዮ።**

**"ኣንበሳ በረኻ" እትብል ናይ ጓል ኣንከረ፡ (. . . ዘይትግረር ኣንበሳ በረ)፡ ድሕሪኡ ሳግም ናብ ህዝባዊ ግንባር ይመጽኡ'ሞ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ይግበር። "ዓወት ቀሪባ" እትብል ናይ ወዲ ትኹል ደርፊ ሰሪሕና። ቀጺልና፡ ናይ ወዲ ትኹል "መትከል ሓያል" (ኣርሓ ዘይዳነ ንያት ንሃገሩ/ዘውጽእ መንጕዳ እንድሕር ነዲሩ) እትብል፥ ናይ ኣልጋነሽ ኢንዳስትሪ "ወሰደ ሽምካ"፡ ናይ ኢሳይያስ ኣስፍሃ "መጻእኩ በሎ" (ሓራ ሳሕለይ መናሃርያኻ) ከምኡ'ውን "ክብረትና"፡ "ኣዝመራ" ናይ ብርኽቲ ታንኪ (ሓመድኪ ድበ ሓሳራ/ ብልጽግቲ ክትከውን ኤርትራ/ ሰናይ ዘመና መጺኡ/ ንሕሱም ግዜ ተኪኡ ሓዚሉ ኣዝመራ)፡ ናይ ሊያ ጐይትኦም "ወጋሕታ'ዩ ነይሩ"፡ "ዓኺይ ነብሮ" ናይ ወዲ ትዅል። ድሕሪኡ፡ ኣዝያ ውርይቲ ዝነበረት፡ ክሳዕ ሕጂ'ውን ትፍቶ ዘላ፡ ናይ ሙሉጌታ በይን "ተወሊደላ ምባል የብሉን ጣቋ" እትብል ኣብ ሱዳን ዝሰራሕናያ እያ። ባጽዕ ምስ ተታሕዘት ከኣ "መን ኢኻ'የ?" እትብል ናይ ተፈኖ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣብ ዓራግ ከለና ናጽነት ከም ዝኾነ ተነጊርና። ኣብኡ ተኲስና፡ "ፍሽኽ ኢላ ኣስመራ መርሃዊ ረኺባ" እትብል ደርፊ ድማ ምስ ሙሉጌታ ሰሪሕናያ። ገለ ገለ ዘይጠቐስኩዎ ኸኣ'ሎ. . . እዚ ፈተነታ'ዚ ገይረ ነይረ።**

*ሓዳስ ኤርትራ*

*መስከረም - ጥቅምቲ 2023*